# ጥዑይ ብመንጽር ዝምድናታት ዘይጥዑይ

## ጥዑይ ዝምድና

**ምክብባር፥** ንሓድሕድኩም ትሰምዑን ዶብ ሓድሕድኩም ተኽበሩን።

**ክፉት ርክብ፥** ምስ መጻምድትኹም ስምዒታትኩም ብቅንዕና ክትዘራረቡን ከተካፍሉን ትኽእሉ ኢኹም።

**ድሕነት (safety)፥** ምስ መጻምድትኹም ኣብ እትህልወሉ እዋን ገዛእ-ርእስኹም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ደሓን/ውሕስነት ይስምዓኩም - ብኣእምሮ፣ ብስምዒትን ብኣካልን።

**ደገፍ፥** ንስኹምን መጻምድትኹምን ንሓድሕድኩም ትትሓላለዩን እቲ ካልእ ሰብ ኣብ ዝደልየኩም እዋን ኣብኡ ትርከቡን።

**እምነት፥** መጻምድትኹም ኩሉ ግዜ ኣብ ልዕሌኹም ዝበለጸ ሓሳብ/ዕላማ ሒዞም ከም ዝሰርሑ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ ነንሕድሕድኩም ክትመራኹሱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንሓድሕዳዊ፥** ኣብ ጥዑይ ዝምድና ክልቲኦም ወገናት ንሓድሕዶም ክብሪ ዘውሃህቡ ኰይኖም፣ ከም ዝፍቀሩን ተቐባልነት ከም ዘለዎምን ይስምዖም።

## ዘይጥዑይ ዝምድና

**ቊጽጽር፥** መጻምድትኹም እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም ይነግርኹም፣ ስምዒታትኩም ዕሽሽ ይብልዎ፣ ካብ ካልኦት ድማ ይፈልይኹም።

**በደል፥** ነገራት ጌጋ ኪኸዱ ከለዉ መጻምድትኹም ብቀጻሊ ይወቅስኹም፣ ወይ ክትጋገዩ ከለኹም የሕፍርኹም።

**ታህዲድ/ፈኸራ፥** መጻምድትኹም ክትገብርዎ ዘይትደልዩ ነገራት ክትገብሩ የገድድኹም ወይ ጸቕጢ ክገብርልኩም ይፍትኑ።

**ምድሃል፥** መጻምድትኹም ኣብ ቅድሚ ካልኦት የዋርድኹም ወይ የሕፍርኹም።

**ጎዳኢ ርክብ፥** መጻምድትኹም ብዘይ ኣኽብሮት ይዛረብኹም ወይ የነኣእስኹም።

**ዓመጽ/ወጽዓ፥** መጻምድትኹም ምፍርራሕ፣ ምቊጽጻር፣ ወይ ኣካላዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሌኹም ይጥቀሙ።

## ኣገባባት ምምሕዳር/ምእላይ ግርጭት ኣብ ዝምድና

**ስምዒታትኩም ልዑል ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናብ ዕላል ኣይትእተዉ።** ክትሃድኡ ነንሕድሕድኩም ርሕቀት (space ) ተውሃሃቡ።

**ነንሕድሕድኩም** ብግልጽን ብኣኽብሮትን **ተዘራረቡ።**

**ከመይ ከም ዝስምዓኩምን ብከመይ** ንቕድሚት ክትስጉሙ ከም እትደልዩን ብንጹር ኣዘራርባ **ንሓድሕድኩም ተነጋገሩ።**

ነቲ ኵነታት ብከመይ ከም እትገጥምዎ ርግጸኛታት እንተዘይኰንኩምን ምኽሪ እንተድኣ ኣድልይኩምን **ምስ ደሓን ሰብ** (ከም ዓርኪ፣ ወላዲ፣ ኣማኻሪ፣ መምህር) **ተዘረቡ።**

እቲ ዝምድና ጸርፊ ዝበዝሖ፣ ዘይደሓን ወይ ሓደገኛ እንተኰይኑ፣ ናብ እትኣምንዎ ዓቢ ሰብ ጸብጻብ ሃቡ ወይ ንሓገዝ ምስ ናይ ከባቢኹም ምንጬታት ተራኸቡ። ኣብ **ቅጽበታዊ ሓደጋ እንተድኣ ኣሊኹም ናብ 911 ደውሉ።**

plea

Children of the Street